# ዋዕላ ለንደን ንሰላም

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
21.12.2009

ካብ 18-19 ታሕሳስ 2009 ካብ ዝተፈላለዩ ኰርንዓት ናይ ዓለም ዝመጹ ኤርትራውያን ወከልቲ ሲቪላውያን ማሕበራትን ውልቀሰባት ኣብ ለንደን ኣኼባ ኣካይዶም። ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ናይ ሰላም ባህሊ ንምስፋን ዝሕግዙ ኣገባባት ንምድህሳስን ምምዕባልን ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ኤርትራን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባዊ፡ ማሕበራውን ከባብያውን ቅልውላዋት ዝደረኾም ተቐማጦ ለንደን ዝኾኑ ገለገለ ኤርትራውያን ኢዮም ነዚ ንምድላዉ ኣዋርሕ ዝወሰደ ዋዕላ ክውን ዝገበሩ። ኣብ’ቲ ዋዕላ፡ ብዕዱማት ኣጋይሽን ኣዳለውትን ዝቐረበ ወረቓቕቲ ብዕምቈት ከም ዝተዘተየሉ ተፈሊጡ ኣሎ። ድሕሪ ዓሚቝ ክትዓት፡ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሓሎም ነጥብታት፡-

1. ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ዝሳተፍሉ ስፍሕ ዝበለ ኣኼባ ናይ ሰላም ንድፊ ቻርተር ምድላው፣
2. ነዚ ንድፊ’ዚ፡ ናብ ሲቪላውያን ማሕበራት፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሃይማኖታዊ ትካላትን ውልቀሰባትን ከምዝበጽሕ ምግባርን ርእይቶታቶም ምስማዕን፣
3. ኣብ 2010 ሰፊሕ ዋዕላ ብምጽዋዕ ነቲ ቻርተር ምጽዳቕ፣

ዝብሉ ምዃኑ ኤርትራውያን ንሰላም እተባህለ ምንጪ ሓቢሩ።